2014-05-09

## ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ፡ ንዝሓመመ ዝወሃብ ሓበሬታ

ብሓካይም ምክልኻል ለበዳ ዝተዳለወ፡ ንመከላኸሊ ለበዳ ዝጠቅም ሓበሬታ።

## ኤ ኤስ ቤ ኤል እንታይ እዩ?

ኤ ኤስ ቤ ኤል ማለት ” Extended Spectrum Beta-Lactamases” ማለት እዩ። እዚኣቶም ንጥረ ነገራት (ኤንዛይም) ኰይኖም ኣብ መዓንጣ ብዝርከቡ ባክተርያ ክፈርዩ ዝኽእሉ እዮም። እዞም ንጥረ ነገራት እዚኦም፡ ነቶም ከም እኒ ፐንሲሊን ዝኣመሰሉ ዝውቱራት ጻረ ተሃዋስያን፡ ክሰባብሩ ዝኽእሉ እዮም። ከም ውጽኢት እዚ፡ እቶም ብኤ ኤስ ቤ ኤል  ዝፈርዩ ባክተርያ፡ ንኸምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጻረ-ተሃዋስያን ይጻወሩ እዮም። ይኹን እምበር፡ ረኺሲ **እንተደኣ** ኣስዒቦም፡ ብኻልእ ዓይነት ጻረ ተሃዋስያን ጌርካ ምእላዮም ይከኣል እዩ። ወዲ ሰብ ዘበለ፡ ኣብ መዓናጥኡ፡ ንቡር ፍሉራ መዓንጣ እንብሎም ባክተርያ ኣለዎ። እዞም ባክተርያ እዚኦም፡ ኣብ ምሕቃቕ መግቢ ኣድልየቲ፡ ኣብ ስርዓተ ምክልኻል ድማ ኣገደስቲ እዮም። ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ፡ ንሓጺር ወይ ንነውሕ ዝበለ ግዜ፡ ክፋል ፍሉራ መዓንጣ ክኾኑ ዝኽእሉ ባክተርያ እዮም።

## ምስ ኤ ኤስ ቤ ኤል ዝተኣሳሰር ጠንቂ ሓደጋ ክኸውን ዝኽእል ኣሎ ዶ?

እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ሓደጋ ክኸውን ዝኽእል፡ ተጻዋርነት ጻረ ተሃዋስያን ዘለዎም ባክተርያታት፡ ነቲ ረኺሲ ንምሕዋይ ዝጠቅም ዝኽእል፡ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ጻረ ተሃዋስያን ዘይምርካብ እዩ። መብዝሕትኦም እቶም ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ ዘለዎም ውልቀሰባት፡ **ተሰከምቲ** እቲ ባክተርያ እዮም። እዚ ማለት ድማ፡ ምልክት ሕማም ከየርኣዩ፡ ነቶም ባክተርያ ይስከምዎም ማለት እዩ። ተሰካሚ ምዃን ማለት፡ ምሕማም ማለት ኣይኰነን፡ ስለዚ ድማ ሕክምና ኣየድልዮን።  ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ፡ ካብቶም ካልኦት ዓይነታት ባክተርያ ንላዕሊ፡ ብብዝሒ **ሕማም** ኣየስዕቡን እዮም። ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ፡ ሕማም ኣብ ዘስዕቡሉ ግን፡ መብዝሕትኡ ግዜ፡ ስሩዕ ረኺሲ ኣብ ስርዓት ሽንቲ እዩ። ካልኦት ዓይነታት ረኺሲ’ውን ከጋጥሙ ይኽእሉ’ዮም። እቲ ፍልልዩ እምበኣር፡ ሓደ ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ ዘለዎ ሰብ፡ ረኺሲ እንተጌሩሉ፡ ብኻልእ ዓይነት ጻረ ተሃዋስያን ክሕከም ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ድማ እንሓንሳእ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ቤትካ ኴንካ መድሃኒት ጥራይ እትወስድ፡ ኣብ ሆስፒታል ኴንካ ምሕካም’ውን ይጠልብ እዩ።

## ኤ ኤስ ቤ ኤል ብኸመይ እዩ ዝላባዕ?

ተሰካሚ ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ ንኽትከውን፡ እቶም ባክተርያ ግድን ብኣፍካ ክኣትዉ ኣለዎም። ሰብ ብፍላይ ንወጻኢ ኣብ ዝጓዓዘሉ፡ ብናይ መዓናጡ ባክተርያ እተለኸፈ መግብን ማይን ኣቢሉ ክልከፍ ይኽእል እዩ። ሽቓቅ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ብዘይተሓጽበ ኣእዳው ብምምጋብ’ውን፡ እቲ ባክተርያ ከስፋሕፍሕ ይኽእል። ኣብ መሳለጥያታት ሓለዋ ጥዕና ድማ፡ እቶም ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ፡ ካብቶም ሕሙማት ናብ ካልኦት፡ ብቐንዱ ብምትንኻፍ ኣእዳው ክሓልፉ ይኽእሉ።

## ኤ ኤስ ቤ ኤል ምውጋድ ይከኣል ዶ?

እቶም ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ናይ መዓናጡ ባክተርያ፡ ክፋል ናይቲ ንቡር ኣብ መዓንጣ ዝርከብ ፍሉራ መዓንጣ ስለዝኾኑ፡ ሰብ ንነዊሕ እዋን (ኣዋርሕ ክሳዕ ዓመታት’ውን) ምልክት ከየርኣየ፡ ክስከሞም ይኽእል። ሓደ ሰብ፡ ንኽንደይ ዝኣክል እዋን ዝኣክል ነዞም ባክተርያ ክስከሞም ከምዝኽእል፡ ምግማቱ ዝከኣል ኣይኰነን። ምስ ግዜ ግን ቀስ ብቐስ የጥፍኦም። ካብ ቀልቀል መርኣያ ዝኸውን ወሲድካ ምርኣይ፡ መብዝሕትኡ እዋን ኣድላዪ ኣይኰነን።

## ክትሓስቡሉ ዘድልየኩም እንታይ እዩ?

- ጽሬት ኣእዳው ከም ወትሩ ኣገዳሲ እዩ። ሽቓቕ ድሕሪ ምብጻሕኩም፡ ምግቢ ቅድሚ ምድላውኩምን፡/ መኣዲ ቅድሚ ምቕራብኩምን፡ ኣእዳውኩም ብማይን ሳሙናን ተሓጸቡ። ፈሳሲ ሳሙና፡ ወትሩ ተመራጺ እዩ።

- ተሰካሚ ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ ምዃንኩም፡ ንኹሎም ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ምሕባር ኣየድልየኩምን እዩ።

- ከም ወትሩ፡ ንቡር ህይወት ክትቅጽሉን ምስ ካልኦት ግዜ ከተሕልፉን ትኽእሉ ኢኹም። ንቡር ናይ ጾታዊ ርክብ ህይወትኩም’ውን ከምዘለዎ ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም።

- ቁስሊ፡ ካታተር መኽዓዊ ሽንቲ፡ ወይ ዝኾነ ከፋት እንተለኩም፡ ነቲ ቁስሊ ክትሸፍኑ፡ ካልእ ክትልውጡ ከለኹም፡ ኣእዳውኩም ክትሕጸቡ ይግባእ። ኣካላትኩም ክትሕጸቡ ክትደልዩ ከለኹም ድማ፡ ኣብ ክንዲ ባስካ መሊእኩም ትሕጸቡ፡ ብላዕሊ ማይ እናፍሰስኩም ክትሕጸቡ ይግባእ።

2014-05-09

- ብተመሳሳሊ፡ ተቐማጥ ወይ ዝኾነ ፈሳሲ ዝገብረልኩም እንተኾይኑ'ውን፡ ኣብ ክንዲ ባስካ መሊእኩም ትሕጸቡ ድማ ብላዕሊ ማይ እናፍሰስኩም ኣካላትኩም ክትሕጸቡ ይግባእ።

- ጸረ ተሃዋስያን ክትወስዱ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ እቲ ቅኑዕ ጸረ ተሃዋስያን ክትወስዱን ምክትታል እቲ ባክተርያ ክግበርን ኣገዳሲ እዩ። ንድሕነትኩም ክትብሉ እምበኣር ብዛዕባ ህሉው ኩነታትኩም/ ሕሉፍ ዝነበረኩም መልከፍትን ንሓኪምኩም/ ሓኪም ስኒ ክትሕብሩ ንሓተኩም ኣለና።

- ኣብ ሆስፒታል እንተኣቲኹም፡ መብጣሕቲ ክትገብሩ እንተኾንኩም፡ ወይ ከኣ ኣብ ዕጽው ገዛ እንተለኹም፡ ተሰካሚ ኤ ኤስ ቤ ኤል ዘፍርዩ ባክተርያ ምኳንኩም፡ ንሓኪም ክትነግርዎ ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ብፍላይ ኣብ መሳለጥያታት ሓለዋ ጥዕናን ኣብ ዕጽው መንበርን እንተሊኹም ከኣ፡ ለበዳ ባክተርያ ንምክልኻል፡ ጽቡቕ ንጽህናን ዘውቱር ጽሬትን ክህሉ ኣገዳሲ እዩ።